ፕረስ ኮንፈረንስ

<u>ግንባርቶሮንቶ</u>

ጃንዋሪ 28፡ 2020

# ናብ ጋይም ተፋሚካኤል

## <u>ሓላፊ ናይ ወጻኢ ስለያ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ</u>

ሎሚ ቅነ ዝተዘርገሐ፡ "ኢሳያስ ኣፈወርቂ መን'ዩ?" ዘርእስቱ ኣውዲዮ፡ ብግንባርቶሮንቶን ብኻልኦት መራኸቢ ብዙሓንን ክሰራጮ ጸኒሑን ኣሎን።

እቲ ኤርትራውያን ከማይ ዝጸምእዎ ግን ን54 ዓመታት ፍጹም ተሓሪምዎም ዝጸንሐ፡ እንታይነት ወይም ባዮግራፊ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ በናቑሪ ንደቀባትና መጢወዮም ኣለኹ።

እታ ከም ሙዘዩም ክትዕቀብ ዝነበራ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተወሊዱ ዝዓበየላ፡ ኣብ ድሕሪ ካርሸላ ኣስመራ እትርከብ፡ ናይ ኣስመረወይቲ-ትግራወይቲ ነፍስሄር ወይዘሮ መድህን ደጀዝማች ስእሉ (መድህን በራድ) ረሲደንሻል ፕሮፐርቲ ናይ ገዛ ብርሃኑ፡ ንመጀመርያ ግዜ ድሕሪ 54 ዓመታት፡ ኤርትራውያን ከምዝፈልጡዋ ጌርና ኣሎና። ክብሪ ንኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ፡ ንክቡር ስዉእ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፍሊፖ)። ክሳብ'ዛ ዛጊት፡ ምስጢርን ክፍኣትን ዝመለኮቱ ኢሳያስ፡ እታ "ዝቦኾረት ሙዘዩም" ን54 ዓመታት ሓቢኡልና ኢዩ ዝጸንሐ።

ህሉው ኩነታት እዚ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ከተካይዶ ሓንጺጽካዮ ዘሎኻ ስቱር ብልትዝክሪግ ከም ሰላሕታ ወራር ደርግ ክፈሽል ምኻኑ ይሕብረካ። ኩሎም መልክዓት . . . ጸለመታት . . . ታህዲዳት . . . "ክንቀትለካ ኢና" ዝብሉ ናይ ልሳናት ቦምባታት ቓይና . . . ነቲ ቡለት ፕሩፍ ዝኾነ ኢንቨስቲገሽን ሳቦታጅ ንምግባሩ ምስሉያት ምልኣኽ፡ ናይ ታሪኽ ኣሉ-ባልተኛታትን ናይ ወለዶ ሃበስ ቀደሳውያንን ምስራዕ . . . ረቛቕቲ ሽጣራታት ምፍሓስን ካልኦትን፡ ድሮ ፈኒኻዮምስ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ፍሽለት ይርከቡ።

ጋይም፡ መጥቃዕትታትካ ቀጽል፡ ኣቶ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ ግን ፍጹም ሰገጥ ዝብሉ ከምዘይኮኑ፡ ንስኻ ኣጸቢቕካ ክትፈጠ ይግባእ።